# መበል 21 ጽምብል በዓል ናጽነት ኤርትራ
# ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዚሙ

ጽምብል በዓል ናጽነት ኤርትራ ብዕለት 19.05.2012 ኣብ ከተማ ከለን "ናጽነትና ክብረትና ! " ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ተኻብረ ። እቲ ኣስታት 300 ዝተኻፈልዎ ጽምብል፡ ሕጻናትን መንእሰያትን ብብዝሒ ብምስታፎም ኣዝዩ ውዕውዕን ድሙቕን ኮይኑዩ ሓሊፉ።

መደብ ብዓል ብኣቦ መንበር ማ/ኮም ከለን ኣቶ እድሪስ ኣሕመድ ዑመር ብዝኽሪ ሰማእታት ምስ ተኸፍተ ፣ መንእሰያት ተመሃሮ ማሕበረኮም ከለን ብኹሎም ሕጻናትን ተሰተፍቲ በዓልን ተሰንዮም ሃገራዊ መዝሙር ኤርትራ ብምዝማር እቲ መደብ ቀጸለ። ኣቦ መንበር ማ/ኮም ከለን ናይ ዮሃና መልእኽቲ ድሕሪ ምቕራቡ በቲ በዓል ምዕሩግ ንኽኸውን ዝሓየለ ተወፋይነት ዝኸፈልሉ ኤርትራዊያን ተቐማጦ ከለን ዕዙዝ ምስጋና ኣቕረበ። ቀጺሉ ወኪል ኢምባሲ ሃገር ኤርትራ ጀርመን ኣቶ ዮሃንስ ደባስ ንበዓል ናጽነት ዝምልከት ቃል ኣምባሳደር ሃገር ኤርትራ ንጀርመን ኣብ ዘቕረቦ ፣ ኣብ ኩሉ ጽላታት ሃገራዊ ዓቕሚ ንምብራኽ ዝተኻየደ ዕውት ስርሓት ብምብራህ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንምምሕዳር ኣመሪካን ከደምቱ ወያኔን ከደዓትን ንምፍሻልን ጥርኑፍን ጥሙርን መኸተ ኣብ ሙሉእ ጀርመን ብተደጋጋሚ ክካየድ ብድሕሪ ምጽናሕ ፡ መቐጸልታኡ ሕጂ'ውን ሓድነቱ ኣደልዲሉ፡ ብጸላእቲ ሃገር ንዝምስርሑ ፈጠራታትን ካልኦት ብድሆታትን ፊት ንፊት ብጽንዓትን ስጡም ሓድነትን ፡ ብውህደት ክንምክት ከምዘሎና ንተሳተፍቲ ሰሚናር ተላበወ።

ሰዒቡ ተሳተፍቲ ብዓል ኣብቲ ተዳልዩ ዝነብረ ናይ ጽምብል በዓል መደባት ብምስታፍ ብውዕውዕ ሓድነታዊ መንፈስን እቲ በዓል ቀጸለ።

ዕድመ ኣኽቢሮም ነቲ ኽቡር በዓል ንምጽንባል ካብ ከለንን ከባቢ ከተማታት ዝመጹ ሃገራውያን ተሳተፍቲ ብብዝሒ ሕጻናትን መንእሰያትን ከምኡ'ውን ብፍሉይ ጥርናፈን ውዳበን ዝመጹ ኣባላት ከባቢ ማሕበረኮማት ፣ ብዝተራእየ ሕጉሰን ሓድነት ዝመልኦ ሃዋህውን ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀትን ምዓርግን ብምሃብ ፣ ጽምብል በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና
ሽማግለ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን
ዕለት 19.05.2012